# ኤርትራዊ መንእሰይ ንለውጢ (Eritrean Youth for Change, EYC)
## ኣብ ዘዳለዎ ኣኼባ፤ ክልተ መንእሰያት ንዝተሞከርዎ ህግደፋዊ ግፍዕታት ኣቃሊዖም

### ብልኡኽ ዜና ቤት ጽሕፈት ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ
23.112009

ብ21 ሕዳር 2009 ዓ.ም.ፈ ኣብ ከተማ ኦክላንድ ካሊፎርንያ፣ ብኤርትራዊ ማሕበር መንእሰይ ዝተዳለወ ወፍሪ ምእካብ ወፈያ ብዓወት ተሰላሲሉ። ሓደ ካብ ኣካያዲ ማሕበር ኣብ መኽፈቲ ኣኼባ ኣብ ዝሃቦ ቃል፤ ማሕበርና ክብገስ ከሎ “ትግባሬ ቅዋም ኣብ ኤርትራ ዝጠልብ” እዩ ነይሩ። ቀጺሉ ግን ናብ ናይ ሰብኣዊ መሰል ተጣባቒ ማሕበር ማዕቢሉ ኣሎ። ማሕበር ካብ ዝምስረት ናይ ሓደ ዓመትን ፈረቓን ዕድመ ዘለዎ ምዃኑ፤ ዝምርሓሉ ሕጊ ቀሪጹ፤ ክልተ ደቀንስትዮ ዝርከባኦ ሸውዓተ ዝኣባላታ ሽማግለ ኣቑሙ፤ ንኽንቀሳቐስ ዘኽእሎ ሕጋዊ ፍቓድ ካብ ምምሕዳር ካሊፎርንያ ረኺቡ ከምዘሎ ሓቢሩ።



ካልኣይ ኣባል ኣካያዲ ማሕበር ብወገኑ፣ ዕላማ ናይ ዝጸውዕዎ ኣኼባ ከብርህ ከሎ፡ ማሕበርና መንበሪ ፍቓድ ኣብ ምሕታት ንዘለዉ ኣጋይሽ ኤርትራውያን መንእሰያት፤ ናይ ሓበሬታን ናብ ዘድልዮም ቦታታት ምብጽጻሕን ህጹጽ ረድኤትን ንገብረሎም፡ ከምኡ’ውን ገንዘብካ ከፊልካ ምዝዋር መኪና ክትምሃር ክቡር ስለዝኾነ፤ ክሳብ ናብ ፈተና ደረጃ ዝበጽሑ ባዕልና ንምህሮም። እዚ ኩሉ ክንገብር ናይ ጊዜን ገንዘብን ሕጽረት ስለዘጋጠመና፣ ምእንቲ ክንቅጽሎ’ውን ክትሕግዙና ኢና ነዚ መደብ ኣዳሊናዮ በለ።

ኣዳለውቲ ኣኼባ መድረኽ ነቶም ክልተ ዕዱማት ኣጋይሽ ገደፍሎም። እቶም መንእሰያት መንነቶም ድሕሪ ምሕባር፣ ኣብ ሃገራዊ ኣገልግሎት ከለዉ ኣብ ልዕሊ መንእሰያት ብሓፈሻ፣ ኣብ ነብሶም ድማ ብፍላይ ዝርኣይዎን ዘጋጠሞምን ዘይሰብኣዊ ግፍዕታት በብተራ ገሊጾም። ደረት ጊዜ ዘይብሉ ኣገልግሎት መሪርዎም ሃዲሞም ተታሒዞም ኣብ ዝተፈላለየ ቤት ማእሰርቲ ዝተገርፍዎን ዝተሳቐይዎን ብዝርዝር ክገልጹ ክትሰምዕ ንህዋሳት ሰማዕቲ ዘሰቕቕ ምንባሩ ኣብ ገጻት ተሳተፍቲ ርኡይ ነይሩ። ካብ ኣኼበኛ ካብ ዝቐረበሎም ሕቶታት ንኣብነት። ሓደ ግፍዒ ህግደፍ ዘይፈተነ ሓታቲ “ ኣብ መግለጺኹም፣ ክስኹም ኣብ ቤት ፍርዲ ቀሪቡ ናይቲ መንግስቲ ኣኽባር ሕግን ንኽሱስ ዝከላኸል ጠበቓን ናይ መወዳእታ ፍርድን ኣይሰማዕኩን፡ እቲ ስርዓት ሕጋዊ ኣገባብ ኣይክተልን’ድዩ” ክብል ምስ ሓተተ፤ ሰሓቕ ብምቕዳም “ክሲ የለ፣ ቤት ፍርዲ የለ፣ ሕጊ ዝበሃል ብመሰረቱ የለን” ክብሉ መሊሶምሉ። ቀጺሎም ሓደ ሓላፊ ሕድሪ ኢሉ ኣብ ፖሊስ ምስ ኣረከበካ፣ ዝፈትሓካ ባዕሉ እዩ፡ እንተረሲዑካ ዝፈትሓካ የለን።



ኣብ በይ-ኤርያ ዝነብሩ ሓያለ መንእሰያትን ዕድመ ዝተገብረሎም ካልኦትን ካብኦም ኣባላት ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ ዝርከብዎም ኣብቲ ኣኼባ ተሳቲፎም ነቲ ዝተመደበ ወፍሪ ምእካብ ወፈያ ዘዐውት እጃሞም ኣበርኪቶም። እቲ መደብ ብዝንኣድ ኣገባብ ሸቶኡ ወቒዑ ተፈጺሙ።